ብዛዕባ ኮቪድ-19 ክትባት ክትፈልጥዎ ዜድልየኩም ዘበለ ኹሉ:

# ናይ ክትባት ህላዌ ንዓኹምን ነቶም እተፍቅሮዎም ሰባትን፣ ነቶም ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ሰባትን ንምዕቋብ ክትከላኸሉሉ እትኽእሉ ኢዩ።

## ሓጺር ሓቅታት፡-

ክትባት ህይወት ሰባት የድሕን።



ኮቪድ-19 ዝበሃል ክትባት ነቲ ጽኑዕ ናይ ድሕንነት መዐቀኒታት ዘማልእ ኢዩ።





ክትባት ብምሉኡ ንማሕበረሰብኩም የዕቍብ እዩ።



ኮቪድ-19 ክትባት ንፍርያምነት ከም ዝጸልዎ ዝሕብር መርትዖ የለን።

ኣብ ኮቪድ-19 ክትባት ሰብኣዊ ወይ እንስሳታት ወይ እንቋቑሖ መተሓውስቲ ተዋጽኦታት የለን።



ኮቪድ-19 ክትባት ብድሕሪኡ ናይ ዓለምለኻዊ ጻዕሪ ነበሮ።



ብዛዕባ ኮቪድ-19 ክትባት ክትፈልጥዎ ዜድልየኩም ዘበለ ኹሉ:

# ዘክሩ:

- ካብ ዜተኣማምኑ ምንጭታት ሓቅታት መርምሩ።
- ካብ ኤች.ኤን.ኤስን (NHS) ዓለማዊ ውድብ ጥዕናን (WHO) ከምኡውን ካብ ቀይሕ መስቀል ብሪጣንያ (British Red Cross) ዚብሃሉ ምንጭታት ወብ ሳይታት ተመርኰሱ።
- ግዜ ወሲድኩም ብዛዕባ ኮቪድ -19 ዝበሃል ክትባት ኣንብቡን ተረድኡን። ተወሳኺ ክንክንን ሓልዮትን ዚግብኦ ነገር እንተ ሃልዩ ልዕሊ ኩሉ ጥዕናኹም እዩ።
- ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ወይ ኣብ ጕጅለ ዎትስ ኣፕ (WhatsApp) ዘይትፈልጥዎ ነገር እንተ ኣንቢብኩም ሓደ ስጕምቲ ንድሕሪት ተመሊስኩም ባዕልኹም ምርምር ክትገብሩ ሓደራ።
- ተግባራትና ንኻልኦት ብዓብዩ መገዲ ይጸልዎም እዩ።



## ብዛዕባ ኮቪድ-19 ክትባት ክትፈልጥዎ ዜድልየኩም ዘበለ ኹሉ:

# ዓሚቑ ጠመተ።

### ክትባት፡-

- ብሳላ ክታባት ክሳዕ 3 ሚልዮን ዝኾኑ ሰባት ኣብ ብሪጣንያን ኣብ መላእ ዓለምን ዝርከቡ ሰባት ኣብ ዓመት ዓመት ይድሕን ኢዩ።

- ብምኽንያት ክትባት ከም በዲዶ፣ ፖልዮ ከምኡውን ቴታኑስ ዝኣመሰለ ሕማማት ኣብዚ ግዜ እዚ የለን ወይ ሳሕቲ ኢዩ ዝርከብ።

- ክትባት እንተድኣ ተኸቲብና ካባና ንላዕሊ ነቶም ተነቀፍቲ ዝኾኑ እሞ ገዛእ ርእሶም ክትባት ክረኽቡ ዘይክእሉ (ንኣብነት ንዝሓመሙ ወይ ዝደኸመ ስርዓተ - ምክልኻል ዘለዎም) ነዕቍቦም ኣሎና ማለት ኢዩ።

### ምዕባለ ክትክን ኮቪድ-19-

- ዋላ ሓንቲ ክፋል እቲ መስርሕ ዝተረፈ የለን።

- ሰለስተ ነገራት ቅልጡፍ ዕቤት ክትባት ከምዝህሉ ዝገብሩ፣ ብዙሕ ገንዘብ ምውፋይ፣ ዝያዳ ምንጪ ሃብቲን ከምኡውን ብዙሓት ተመራመርቲ መሰረት ኢዩ። ኮቪድ-19 ዝበሃል ክትባት እዚ ሰለስቲኡ ነገራት ዘካተተ ኢዩ ነይሩ።

- ከምዚ ዓይነት ዓለምለኻዊ ድፍኢት ዝረኸበ ካልእ ክትባት የለን።

- እዚ ክትባት እዚ ኣብ ዓለም ዜስፋሕፍሕ ዘሎ ሓደገኛ ቫይረስ ደው ንምባል ሓደ ቐዳምነት ዝተዋህቦ ጉዳይ ስለ ዝነበረ ኣብ መላእ ዓለም ካብ ዚርከባ መንግስትታት ዝያዳ ገንዘብ ኪውፈ ተኻኢሉ እዩ።

### ድሕንነት ክትባት ኮቪድ-19

- ብዛዕባ ድሕንነት ክታባት ብሉጽነቱ ወይ ኣስላጢነቱ ዘጠራጥር እንተ ዝኸውን ነይሩ፣ እቲ ክትባት ብሚልዮናት ንዝቑጸሩ ሰባት ተፈቒዱ ተቐባልነት ኣይምረኸበን ነይሩ።

- እዚ ጽኑዕ መዐቀኒታት እዚ በቲ ኣብ ብሪጣንያ ዝዝውተር ኵሉ መድሃኒታት ድሕንነት ከም ዝህልዎ ዝገብር ስርዓታዊ ትካል ሕክምናን ክንክን ጥዕናን ኢዩ ጸዲቑ።

- ኦክስፎርድ/ኣስትራዘነካ (Oxford/ AstraZeneca vaccine) ዝብሃል ክትባት ኣብ ልዕሊ 11,000 ሰባት ተፈተነ። እቲ ፒፊዘር/ቢዮኤንቴክ (Pfizer/BioNTech vaccine) ዚብሃል ክትባት ኣብ 43,500 ሰባት ተፈተነ።

### እዚ ኮቪድ-19 ዝብሃል ክትባት ብኸመይ ከም ዝዓዪ-

- እዚ ክትባት እዚ ነቲ ቫይረስ ዝቃለሱ ጸረ - ኣካል ንምድላው ናብ ስርዓተ - ምክልኻል ኣካላትኩም ምልክት ብምልኣኽ ኢዩ ዝዓዪ።

- እዚ ክታባት እዚ ዲ. ኤን. ኤኹም ኣይቕይሮን ኢዩ።

- ንፍርያምነት ከም ዚጸልዎ ዚሕብር መርትዖ የልቦን።

### ናይ ኮቪድ-19 ክትባት መቃምምቲ ወይ መተሓውስቲ ክትባት-

- ዝኾነ ይኹን ሰብኣዊ መቃምምቲ ወይ መተሓውስቲ እንስሳታት ወይ እንቋቑሖ ዝሓዘ ኣይኰነን።

ብዛዕባ ኮቪድ-19 ክትባት ክትፈልጥዎ ዜድልየኩም ዘበለ ኹሉ:

# ንዓኹምን ነቶም እተፍቅሮዎም ሰባትን ብዛዕባ ኮቪድ -19 ዚብሃል ክትባት ኣብ ፍልጠት እተመርኰሰ ውሳነ ንኽትገብሩ ምሕጋዝ።

ንዓኹምን ነቶም እተፍቅሮዎም ሰባትን ብዛዕባ ኮቪድ -19 ዚብሃል ክትባት ኣብ ፍልጠት እተመርኰሰ ውሳነ ንኽትገብሩ ምሕጋዝ።

ብዛዕባ ኮቪድ-19 ዝበሃል ክትባት ከምኡውን ኣብቲ ከባቢ ኣብ ዝርከብ ማእከል ክትከላኸላኸሉሉ እትኽእሉሉ ናይ ኤች. ኤን. ኤስ. ዝእመን ሓዲስ ሓበረታ ዝገልጽ ተወከሱ፡

ቦርድ ጥዕና ዩኒቨርሲቲ ካርዲፍን ቫልን
cavuhb.nhs.wales/covid-19-mass-vaccination-programme

ብዛዕባ እቲ ኣብ ቀረባ እዋን እተኣከበ ናይ ኤች. ኤን. ኤስ.ዝእመን ሓዲስ ሓበሬታ ልዕሊ 35 ዝተፈለለዩ ቋንቋታት ኣብዚ ሲዒቡ ዘሎ ተወከሱ።

ህዝባዊ ጥዕና ዌልስ - phw.nhs.wales/covid-19-vaccination

ነቲ ኣብዚ ወብ ሳይት እዚ ዘሎ ሓበሬታ በቲ ዝመረጽኩሞ ቛንቛ ኽተንብቦ ወይ ክትሰመዕዖ እንተ ደሊኹም ኣብቲ ኣብ ወብ ሳይት ዚርከብ ‘ድገምኒ Recite me’ ዚብል ሎጎ ጠውቑ።

ብዛዕባ ቕድሚ ሕጂ ዘሎ ኹነታት ጥዕና ንጹር ሕቶታት እንተ ኣልዩኩም እሞ ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኹም ምስ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ጂፒኹም ተራኸቡ።

06/2021

Test · Trace · Protect
Profi · Olrhain · Diogelu

Butetown Community Centre

C3SC
Cardiff Third Sector Council
Cyngor Trydydd Sector Caerdydd

South Riverside Community Development Centre

TAFF

Welsh Refugee Council
Cyngor Ffoaduriaid Cymru